# ነለልዮ ነቲ መድረኽ ንኣርሞ ነቲ ጉዕዞ ።

ኣብ ኤርትራ ስለ ኤርትራን ህዝባን ብኤርትራውያን ቅድሚ ሕጂ ዝተኻየደ ይኹን ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ኩሉ ፈቲና ጸሊእና ታሪኽና ኢዩ፡ ስለ'ዚ ጥዑይ ታሪኽ ክህልወና እንተደኣ ተደልዩ፡ ንዝጸንሓና ይኹን ንዘለና ሕማቕ ኩነተት ኣሪምና ንህልው ኩነታት ኤርትራ ናብ ንቡር ንምምላስን ኣብ መተካእትኡ፡ እቲ ህዝብና ዝጽበዮ ዝተማሓየሸ ኩነታት መነባብሮን ሰላምን ቅሳነትን፡ ክህልወና ከም ዘለዎ ንምግባር ኢዩ ኩሉ ጊዜ እንቃለሰሉን፡ ብዋጋ እነካይዶ ዘለና ቃልሲ ህዝብና ዝጽበዮ ፍታሕን።

ኣብ'ዚ እዋን እዚ ብግዱሳት ኤርትራውያን ዝጽሓፍ ሕማቕ ይኹን ጽቡቕ እምብኣር ጥዑይ ጎደና ምዕባለ ንምሓዝ ዘኽእል ብቕዓት ንኽህልወና ከምኡ'ውን፡ ብቓልስና ነቲ ንኹልና ዘርብሕ ኣፍልጠ ወኒንና ህዝብን ሃገርን ኣብ ምድሓን ኣወንታዊ ተራ ከም እንጻወት እሞ፡ ከም ውጽኢቱ ካኣ ጥዑይ ዝኾነ ናይ ምሕደራ ክእለት ከም ዝህልወና ንምግባር ኢዩ፡ብሓጺሩ እቲ ኩሉ ጊዜ ንቃለሰሉ ዘለና ዕላማ፡ ኣወንታውን ከምቲ ኩሉ ዝጽበዮን ከም ዝኸውን ብምግባር ክንዕወት እሞ ህዝብና ሰላምን ቅሳነትን ኣብ ዘለዎ ኩነታት ክነብር ምእንቲ ክኽእል ኢዩ።

ስለ'ዚ ኢዮም ኣብ እዚ እዋን እዚ ኩሎም እቶም ብህዝቦምን ሃገሮምን ዝግደሱ ኤርትራውያን በብዓቕሞም ጥዑይ ራኢ ኣብ ኩሉ ተቓላሳይ ህዝብና ክሰርጽ እሞ ብሓባር ቃልሱ ንምዕዋት ክሳተፍን፡ ጉዳይ ህዝቡን ሃገሩን ኣብ ምዕራይ ወሳኒ ተራ ክህልዎን ብተሳትፎኡ ነቲ ጉዳይ ሃገሩ ከምቲ ዘድሊ ንኽገብሮን ኢዩ። ስለ'ዚ ኣብ'ዚ እዋን እዚ፡ ካብ ናይ ኩሉ ጊዜ ኣብ ጉዕዞ ዝተኻየደ ኣሉታኡ ዝበዝሐ ጉዕዞና ማለት ካብ ብረታዊ ቃልስና ዝጀመር ይኹን፡ ቅድሚኡ ዝነበረ ኣገባብ ናይ ኣቀላልሳ ዝተፈልየን፡ ብሓቂ ብተሞክሮና ተማሂርና እንታሊና በቲ ውህሉል ተሞክሮና ዝልዓለን ዝዋሕለለን ቃልሲ ኣካይድና ህዝብና ዝቐሰነሉን ሃገርና ዝረግኣሉን ኩነታት ክንፈጥር ክንክእል ኣለና።

ኣስተውዕሉ፡ እቲ ዝልዓለ ክኸውን ኣለዎ ዘብለኒ ዘሎ፡ ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ክኾነልና ኣሎዎ ኢልና ዝኣመናሉ፡ እሞ ብመሪር ቃልስን ዘይትኣደነ መስዋእቲ ብምኽፋልን ዝረኸብናዮ፡ እሞ ኣብ ክንዲ ንጠቕምና ንስቓይና ዝኾነ ክኸውን የብሉን፡ ዜሐጉስ ውጽኢት ዝርከቦ ኣገባብ ንከተል ማለተይ ኢየ። ከምቲ ብፌደረሽን ሃገርና ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ምስ ኣተወት ስምር ኢልና ብሕጊ ኣብ ግቡእ ማዓልቦኣ ከም ትዓልብ ጌርና ዋናታታ ክንከውን ብዘይ ምብቃዕና ኣብ ኣዳልያና ኣቲና ግደ ናይ ነዊሕ ስቓይን ጥፍኣትን ዝኾንና ክኸውን የብሉን ማለተይ ኢየ፡ ማለት ጌጋ ንኸይንደግም ንጠንቀቕ ኢየ ዝብል ዘለኹ። ከምቲ ብረታዊ ቃልሲ ነካይደሉ ኣብ ዝነበርና እዋን፡ ኣብ ክንዲ ንኻላኣዊ ግርጭትና ብዘተ፡ ንቐዳማይ ጸላኢና ካኣ ብብረት እናተቓለስና ነጻነትና ነቃላጥፍ፡ ውግእ ሓድሓድ ኣሳዊርና ህዝብና ነንሕድሕዱ ከም ዝቃተል ብምግባር ኣብ ጥፍኣት ዘበጻሕና እሞ እቲ እተፈጸመ ጥፍኣት ከይኣክል፡ ጊዜ ነጻነት ከም ዝነውሕ እውን ዝገበርናዮ ክኽውን የብሉን ማለተይ ኢየ። ከምቲ ሳዓርን ተሳዓርን ኮንና ምስ ኣተና ደቅና ምንም እኳ ቀዱምን ድሑርን ኮይኖም እንተወጹ ኩሎም ምእንታና ኢዮም ወጺኦም ኢልና ክንዲ ነቶም ዓመጸኛታት ንውጥሮም ስቕ እልና ከም ኩሉ ለባማት ዝባንና ስለ ዝሃብናዮም ግርም ጌሮም ሸይሸይ ዝብሉልና ዘለው ክኸውን የብሉን ማለተይ ኢየ።

ብሓጺሩ ከም ናይ ቅድሚ ሕጂ ምዕሻው ክህሉ ይብሉን እንታይ ዳኣስ፡ ብልቦናን ብጥንቃቐን ብዘይ ንሓፍነትን ጉዳይና ኣብ ምዓልቦ ነብጽሓዮ፡ ሎሚ ፍረ ቃልስና እንሓፍሰሉ እዋን ኢዩ ኢየ ዝብል ዘለኹ። ምኽንያቱ ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ምስ በጻሕና ዕንቅፋት ከጋጥም፡ ብዛዕባ ክካየድ ዝጸሐ ቃልሲ ክትማራመርን ክትግረምን ዝገበር ኢዩ፡ እቲ ብተደጋጋሚ ካብ ምሕዝነት ጀሚሩ ኣብ ሞንጎ ኪዳን ዘጋጥም ዝነበረ ንህዝቢ ዘኸሪ መሰናኽል ንምንታይ ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ በጺሖም ባሓባር ንፍታሕ ዘይቃለሱ ኢዩ፡ ሕጂኸ እንታይ ኢዩ ክምኽነ። ኩልና ከምንርድኦ፡ ኩሉ ኣብዚ እዋን'ዚ ዝጽሕፍ፡ ብጀካ እቲ ዝነቅፍ ካብኡ ሓሊፉ እውን ዝጻረፍ ገዲፍካ እንታይ ጽሒፉ በዘየገድስ፡ ኩሉ ሃገርን ህዝብን ንምድሓን፡ ጥዑይ ተራ እንጻወተሉ ሜላን ክእለትን ከነጥሪ ኣለና፡ ሃገርና ኣብ ሽግር ኢያ ዘላ፡ ህዝብና ይጭነቕ ኢዩ ዘሎ ፡ ካብ ዝብል ተበጊሱ ብኽመይ እቲ ኡሉ ኣብ ቃልሲ ዝዋሳእ ዘሎ ሓቢሩ ህዝብን ሃገርን የድሕን ናብ ዝብል ድህሰሳ ኣትዩ፡ መወዳእትኡ ነቲ ካብዝን ካብትን ኣኻኺብና ዝበጻሕናዮ ብሓባር ናብ ተግባር ለዊጥና ህዝብና ክነድሕን፡ ሃገርና ካኣ ርግኣት ዝሰፈና ሃገር ንኽትኮነልና ካብ ዝብል ኢዩ።

ኩሉ ከም ዝፈልጦ፡ ናይ ሎሚ ዕለታዊ ተርኽቦን፡ ክፉእ ይኹን ጽቡቕ ተግባርን ናይ ጽባሕ ታሪኽ ኢዩ፡ ፈቲና ጸሊእና ድማ ተቐበልቱ ወይ ተሰከምቱ ንሕና ኢና ብሓጺሩ እቲ ታሪኽ ናይ ኩልና ኢዩ፡ ጽባሕ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ከምዚ ተበጊሶም ቃልሲ ኣካይዶም፡ ከምዚ ዝመስል ጌጋታት ጌሮም፡ ወይ ብኸምዚ እውን ጌጋኦም ኣሪሞም ኢዩ ክብሃል። እሞ ብኸምዝን ከምትን ጠፊኦም ምኳኑ ተሪፉ፡ ብኸም'ዚ ኣብ ከምዚ ዝበለ ተኣፋፊ ኩነታት ወዲቖም ኔሮም፡ ኣሰር ጠፊኦም ኔሮም፡ ግን ቀለስቲ ረኺቦም ወይ ብሓባር ነቲ ነገር ጠጠው ስለ ዝበሉሉ ድሒኖም ዝብል ናይ ድሕነት መስመራት ኣብቲ መጻኢ ታሪኽና ንኽህሉ፡ ኣብ'ዚ ተኣፋፊ እዋን ምእንቲ ድሕነት ህዝብን ሃገርን ብሓባር ጠጠው ክንብል ኣለና።

ኣብ ሞንጎ ህዝብታት ዓለም ዝተራእዩ ዝተፈላለዩ ሽግራት፡ ብቓልሲ ናይቶም ነቲ ሽግር ዋናታቱ ዝኾኑ ህዝብታት ኢዮም ዝፍትሑ፡ እቲ ብተደጋጋሚ ዝተራእየ ክልተ መፍትሒ ድማ ውግእ ወይ ዘተ ኢዩ፡ እቲ ውግእ ምስቶም ዘተ ዘይኣምኑ ዓመጽቲ ግዲ ምስኮንካ ዝእቶ መፍትሒ ኢዩ፡ እቲ ካልኣይ ካኣ ዘተ ኮይኑ፡ ደቂ ሰብ ምስ ማዕበሉ ኣራኣእያታቶምን ጠቕሞምን ብምትዕራቕ ዝበጽሕዎ ብእንካን ሃባን ጉዳዮም ዝፈትሑሉ ስልጡን ኣገባብ ኣፈታትሓ ኢዩ። ምስ ዲክታቶራት ዘተ ቦታ የብሉን ግን ንኦኦም ኣልጊስካ እቶም ውጹዓት ንዝኾነ ከባእሶም ዝኽእል ነገራት ብዘተ ኢዮም ዝፈትሕዎ፡ ኣብ ከም ኩነታትና ምስ እዞም ንፅምጸኩም፡ ንቕጥቅጠኩም፡ ንቐትለኩም ዘይኮነስ ነማሓድረኩም ኢና ዘለና ዝብሉና ዘለው ኪኢላታት ብፍጹም ዘተ ቦታ የብሉን፡ ምኽንያቱ ብሕልፊ ኣብ'ዚ እዋን እዚ ኩነታቶም ዝኾነ ይኹን ስምምዕ ክገብሩ ኣየፍቕደሎምን ኢዩ።

ዝኽብርኩም ህዝቢ ኤርትራ፡ ኤርትራ ነጻነታ ረኺባ ካብ ዝብሃል ኣትሒዙ ህዝቢ ኤርትራ ኣብዞም ናይ ሕሰም ተግባሮም ምግላጹ ዘሽግር ጨካናት ኢድ ካብ ዝኣቱ ሕጅስ ንዊሕ ኮይኑ፡ እዚኦም ናብ ህዝቢ ተሓዊሶም እዚ ዘይብሃል ጭካኔ ኣብ ልዕሊኡ ዘውርዱ ዘለው፡ ኣብ እዋን ብረትታዊ ቃልሲ'ውን እንተኾነ፡ ነቲ ብወለንትኡ ነቒሑን ትዓጢቑን፡ ንሓርነትን ነጻነትን ህዝቢ አርትራ ዝተሰለፈ'ውን ብዝተፈላለየ ምስምሳት ከጥፍእዎ ዝጸንሑ እዮም። ይኹን እምበር ከምቲ ኣቦታትና እዝጊ ክገብር ጽሓይ ወርሒ ይነብር ዝብልዎ ካብ ብዙሓት ውሑዳት ሰብ ሓቦን ንያትን ኤርትራውያን ስለ ዘይተሳእኑ፡ ገለ ብኣካል ተወዲቦም፡ ገለ ብጽሑፍ እናረድኡ፡ ገለ ካኣ ምስ ዝመስልዎም እናተረዳድኡ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ነበር ንኸይከውን ዘይሕለል ጻዕሪ ከክይዱ ጸኒሖም ጌና'ውን ይጽዕሩ ኣለው ኣብ መዓልቦኡ ከይበጽሐ ኡፈዩ ዝብሉ'ውን ኣይኮኑን። በዚ ናይዞም ሓቦኛታት ኤርትራውያን ተባዕ ቃልሲ፡ ድምጺ ህዝብና ኣብ እዝኒ መላእ ሕብረተሰብ ዓለም በጺሑ፡ ዓለም ብዓለማ ንኹነታት ሃገርናን ጸገም ህዝብናን፡ ዓይና ከፊታ ክትርእዮን ኣድህቦ ክትገብረሉን ጀሚራ ኣላ፡ ድሮ እኳ እቲ ብሕቡራት መንግስታት እተገብረ እገዳ ዝተፈላለያ ሃገራት በብወገነን ተቐቢለን ኣብ ግብሪ ከውዕልኦ ይሻባሸባ ኣለዋ።

ኣብ መደምደምታ ክብሎ ዝደሊ፡ ብሃግራዊ ዋዕላ ምሉእ ኣፍልጠ ንኽህልወኩም ኤርትራውያን ብዋዕላ ሃገር ክንሰርሕ ኢዩ ዘድሊ ዘሎ፡ ስለ እዚ ሕጂ ምፍልላይ ሃገር ትሰራሕ ኣይትሰራሕ ኢዩ፡ ትሃሉዶ ኣይትሃሉ ኢዩ እቲ ክርክር፡ እቲ ዓወት ድማ ናይ ግድን ናይቶም ትሃሉ ዝብሉ ኢዩ፡ ምክንያቱ ሃገር ሃሊያቶ ሓራ ኮይኑ ምእንቲ ክነብር ኢዩ ህዝቢ ኤርትራ እቲ ኩሉ ዓመታት ተቓሊሱን መስዋእቲ ከፊሉን። ስለ'ዚ ክዕንቅፍ እምበር ነዚ ብፍትሓዊ ቃልሲን ብደም ብዙሓት ንጹሃትን ውሑስ ዝኾነን ብጉዕዞ ዝተዋህለለን ውጺኢት ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ሃገራዊ ዋዕላ ዝዕንቅፍ ሓይሊ የለን፡ ከምቲ ኣባ ካስፓሪኒ ፈደረሽን ኣይተጥፍእዋ ንኽብሉ ኣብ ኢድካ ከላ ኣይትስደዳ ንቖላ ዝብሉና ዝነበሩ፡ ነዛ ብሓቂ መፍትሕ ሽግርና ክትከውን እትኽል ሃገራዊ ዋዕላ ኣይንዓሹ ንጠንቀቐላ። ኩሉ እቲ ብሃገራዊ ዋዕላ ክብጻሕ ዝድለ ዘሎ፡ ሕጊ ሃገር እንታይ ይመስል፡ ኣብ ሃገር ሰላም ብኸመይ ይሕሎ፡ ኩለን ክፍላተ ሃገራት ኤርትራ ብኸመይ ይማሓደራ፡ ወዲ ሃገር ይኹን ኣብ ኤርትራ ዝነብር ወዲ ወጻኢ ብኸመይ መሰሎም ዝተሓለወ ኮይኑ ብኽብረት ይነብሩ፡ ብሓጺሩ ብኸመይ ኤርትራ ኩሉ ዝኽብረላ ናይ ሰላም ሃገር ትኸውን ዝብሉ ዝምልስ ዋዕላ ኢዩ፡ ቤዚ ድማ ጀጋኑ ተቐቢሮም ሕልሞም ካኣ ይሰምርን ጋህዲ ኮይኑ ይትግበርን ኣሎ ማለት ኢዩ፡ ውጽኢት ናይ ነዊሕን መሪርን ቃልሲ ስለ ዝኾነ ካኣ ብምንም ታኣምር ኣይክዕንቀፍን ኢዩ። ካብዚ ብምቕጻል ብኸመይ እቶም ብደሞም ሃገር ዘውሓሱ ይኽብሩን ዝወለዱዎም ከካብ ዘለውዎ ተሳሒቦም ክብረቶምን ጻማ ወለዶምን ረኺቦም ይምሃሩን ይኹስ ኮሱን፡ ብኸመይከ እቶም ብምኽኒት ዶብ ኣብ ድፋዓት ጅሆ ተታሒዞም ዘለው ይካሓሱን ኣብ ንቡር መነባብሮ ተመሊሶም ይወልዱን ይዝምዱን ክብረት ይረኽቡን ከምኡ እውን፡ ስርዓተ ምርጫ ከምዚ ኣብ ዘይማዕበላ ሃገራት ዝርኤ ዘሎ ንኽይ ከውን ካብኡ ተማሂርና ብምዕቡልን ሽግር ብዘየስዕብን ነካይዶ ዝብል ዘማላእ ኢዩ እቲ ሃገራዊ ዋዕላ ክኸውን ዘለዎ፡ ብሓቂ ካብ ተሞክሮና ተማሂርና እንተኮንና ድማ ከምኡ ኮይኑ ብውጽኢቱ ኩሉ ከም ዝሕጎስ ኢዩ ክኸውን ዘለዎ።

ስለ'ዚ ንዑ ኤርትራውያን ስምር ኢልና ብመገዲ ዋዕላ ሕግን ስርዓትን ዝሰፈና ሃገር ንስራሕ ዝሓለፈ ጌጋ ካብ ሎሚ ንድሓር የብቅዕ፡ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ወለዶታት ጀሚሩ ኣብ ገዛእ ሃገሩ ኡፈየ ኢሉ ዘይፈልጥ ህዝቢ ኢዩ።

## ንዑ ብሃገራዊ ዋዕላ ሃገር ነጸምብላ ይኹን ጭርሖና

ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና
ዓወት ደማ ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና

በላይ መስፍን ጀርመን